Département de la santé, des affaires sociales et de la culture
Service de la santé publique

Departement für Gesundheit, Soziales und Kultur
Dienststelle für Gesundheitswesen

CANTON DU VALAIS
KANTON WALLIS



## Coronavirus : ኣብ ካንቶን ቫሌ ንክታበት ኮቪድ ዝምልከት ሓበሬታ

*እዚ ክታበት ካብ ክፍሊት ነጻ ኮይኑ ብፍቓድካ ዝውሰድ ኢዩ።*

### መዓስ ክኽተብ ይኽእል?

- ዕድመይ 12ን ልዕሊኡን ምስ ዝኸውን
- ዝኾነ ረስኒ ወይ ምልክታት ኮቪድ Covid-19 ዘይብለይ ምስ ዝኸውን
- ትሕዝቶ ክታበት ዝኾነ ኣለርጂ ከም ዘይገብረለይ ምስ ዝፈልጥ፡ ጥርጣረ ምስ ዝህልወኩም ንሐኪምኩም ተወከሱ።
- ኣብ ወሸባ እንተዘየሎኹ
- ካብ ናይ 3 ወርሒ ናይ ጥንሲ ግዜ ጀሚሩ ( ምስ ሓኪምና ጥቕሙ፡ ጉድኣቱ ፡ ንውሕ ዝበለ መጽናዕቲ ምስገበረልና ፡ ብጽሑፍ ከኣ ከም ዝሰማማዕ ምስ ተውሃበና ፡ ክንክተብ ንኽእል።

### ከመይ ጌረ ይኽተብ ?

ክታበት ኣብ ሓደ ሓደ ሓኻይምን ኣብ ፋርማሲን ይከኣል ኢዩ። ክትምዝገቡ ምስ እትደልዩ ብኢመይል ወይ ብተሌፎን ንሓኪምኩም ወይ ንፋርማሲ ሕተቱ።

ኣብ ማእከላት ክታበት ብሪግ፡ ስዮንን ኮሎምበን በዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ https://vs.covid-vaccin.ch ተመዝጊብና ክንክተብ ይከኣል ኢዩ። ቅድሚ ምምዝጋብና፡ ናይ ኢንሹራንስን ካርድን ተሌፍንን ክንቅርብ ኣለና። ብኢንተርነት ምምዝጋብ ዘጸግመና እንተኾይኑ፡ ንዝፈልጡና ሰባት ሓገዝ ንሓትት ወይውን በዚ ቁጽሪ ተሌፎን +41 58 433 0 144 ደዊልና ንምዝገብ።

ነጻ ቦታ ምስ ዝህሉ፡ ካብ 16 ንላዕሊ ዝዕድሚኦም ሰባት ኣብ ማእከላት ክታበት ብሪግ፡ ስዮንን ኮሎምበን ብዘይ ቆጸራ ክኽተቡ ይኽእሉ ኢዮም። መዓልትን ሰዓታትን ክታበት ንምፍላጥ ነዚ መርበብ ሓበሬታ ንወከስ፡ https://vs.ch/coronavirus.

### ካብ 12-15 ዝዕድሚኡም ቆልዑ ብኸመይ ክኽተቡ ይኽእሉ ?

ውላዶም ክኽትቡ ዝደልዩ ወለዲ ናብ ሓኪም ህጻናት( pédiatre )ወይውን ናብ ጠቅላላ ሓኪም ክትውከሱ ንዕድም። እዞም ዝጠቀስናዮም ክታበት ኮቪድ (COVID-19) ዘይህቡ እንተኾይኖም፡ ነዞም ኣብዚ ክሊ ዕድመዚ ዝርከቡ ህጻናት ኣብዚ ታሕቲ ተጠቂሶም ዘለዉ ቦታታት ቆጸራ ሒዝና ከነኽትቦም ይከኣል።

- Cabinet médical du Dr Simon Fluri (Viège)
- Centre de vaccination de Sion
- Centre pédiatrique pluridisciplinaire du Chablais valaisan (Monthey)

በዚ ኣድራሻ ንመዝገብ https://vs.covid-vaccin.ch

- Cabinet médical du Dr Jean-Michel Poncet (Monthey) ; ምዝገባ ብኢመይል jmponcetped@hotmail.com ወይውን ብተሌፎን 024 472 12 62

ሓፈሻዊ ሓበሬታ ኮቪድ COVID-19 ኣብ ቫሌ : https://vs.ch/coronavirus

ሓፈሻዊ ሓበሬታ ኮቪድ ኣብ COVID-19 ስዊዝ : https://ofsp-coronavirus.ch
እዚ መስመር ተሌፎን ካንቶን ቫሌ (canton du Valais) **+41 58 433 0 144** ንኹሉ ሕቶታትኩም ይምልስን። ብተወሳኺውን ኣብ ማእከላት ክታበት ንኽትምዝገቡ ዘጋጥመኩም ጸገማትን ንምፍታሕ ይተሓጋገዘኩምን።